ኣብ ኤርትራ ዝርከብ ሰራዊት ናይ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ዋና ዕላማኡ ስልጣን ፕረዚደንት ኢሰያስ ምሕላው ከምዝኾነ ተፈሊጡ።

ረቡዕ: 25 መጋቢት 2009

ኣብ ኤርትራ ዝርከባ፡ ኣሽሓት ሰራዊት ዝሓቖፋን፡ ጌና ሕጂ ‘ውን ኣብ ምምልማል ዘለዋ ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ፡ ኣብዚ ጊዜ’ዚ ቀንዲ ዕላማኦንን ዕለታዊ ምንቅስቓሰንን፡ ኣንጻር ኢሳያስ ዝኾነ ይኹን ውሽጣዊ ተቓውሞ ኣብ ዝለዓለሉ እዋን ዘራይ ብምእታው፡ ነቲ ምልዕዓል ብምጭፍላቕ፡ ዕድመ ስልጣኑ ምንዋሕ ምኗኑ ሓደ ስመይ ይተዓቀበለይ ዝበለ ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኣባል መሪሕነት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ንምንጭታትና ሓቢሩ።

ንሱ ሓበሬትኡ ብምቕጻል፡ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2008**፡ ፕረሲደንት ኢሰያስ ንተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ብተናጸል ኣኪቡ ኣብ ዝሃቦም ፍሉይ መግለጺ፡ ኣብ ልዕሊ ላዕለዎት ጀነራላትን ሚኒስትራትን ኤርትራ እምነት ከምዘይብሉን ንባዕዳዊ መሽጣ ዝተቓልዑ ከምዝኾኑን፡ መሰል ርእሰ-ውሳኔ ናይ ብሄራት ኢትዮጵያ ከምዘይኣምኑን፡ ንህላወ ተቓወምቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ‘ውን ከምዘይድግፍዎ፡ ስለዝኾነ ድማ ውድባት ኢትዮጵያ ኣብ ዕላመእን ንምብጻሕ ኣብ ጎድኑ ደው ክብላን ክትሓጋገዛኦን ከምዘለወንን መግለጺ ከምዝሃበ ይጠቅስ።**

ካብዚ ብምብጋስ፡ ነቶም ኣብ “ሻባይ መንደር” ከባቢ ዓፍዓበት፡ ከምኡ’ውን ኣብ ኣውጋሮ ዝርከቡ ሰራዊት ተቓወምቲ ውድባት፡ ብወርሒ ታሕሳስ 2008 **ፍሉይ ናይ ተጠንቀቕ መልእኽቲ ከም ዝተመሓላለፈሎም፡ ከቢድን ፈኩስን ብረት ምስ ጸረ ታንኪ፡ ፋኑት፡ ከምዝተዓደሉን፡ ናይ ዜሮ ሰዓት ኣብ ዝኣኽለሉ ጊዜ፡ እቲ ሓደ ካብ “ሻባይ መንደር” ብምብጋስ፡ ሰሜናዊ ባሕሪ ሰንጢቕ ብሰሜን ኣስመራ ንምእታው፣ እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ከባቢ ኣውጋሮ ተላዒሉ፡ ንመንሱራ ሰንጢቕ ናብ ሕምብርቲ ብምድያብ፡ መዓርፎ ነፈርትን ሓይሊ ኣየርን ብምቀጽጻር፡ ንዝኾነ ይኹን ተቓውሞ ንምጭፍላቕን፡ ድልዋት ክኾኑ ከምዝለዎም ብምስጢር ተነጊሩዎም ከምዝነበረ፡ እቲ ናይ በዓል ስልጣን ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ኣረዲኡ።**

እዚ ናይ ፕረሲደንት ኢሳያስ መግለጺ ኣዝዩ ምስጢራዊ ከምዝነበረን፡ ካብቲ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ተጸዋዒ መኮነን ተባህሉ ዝተመዘዘ ኮሎነል ማና ኣርኣያ ‘ውን እንተኾነ ፡ ስዉር ከምዝነበረ ከኣ ኣመልኪቱ።

እዚ ስመይ ይተዓቀብ ዝበለ ኣባል መሪሕነት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ፡ እናስተንተነ መግለጺኡ ብምቕጻል፡ ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ሰራዊቶም መኣዝኖም ከምዝሰሓቱን፡ ጅሆ ናይ ኢሰያስ ከምዝኾኑን፡ ናይ ገዛእ ርእሶም መደብ ኣውጺኦም ክሰርሑ ከምዘይክኣሉን፡ ስለያዊ ምንቅስቓስ ኣብ ክንዲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኤርትራ ከካይዱ ከምዝግደዱን፡ “ኣምቸ“ ተባሂሎም ናይ ኤርትራ መንነትን ዜግነትን ተዋሂብዎም ኣብ ሰራዊት ተወዚያም ጸጥታ ከምዝከታተሉን፡ ብፍላይ ድማ እቶም “ቅዲ ኩናት ክትምሃሩ“ ተባሂሎም ምስ መራሒ ብርጌድ ወይ መራሒ ክፍለ ሰራዊት ብፍሉይ ተወዲቦም ዝምሃሩ ኣካላት፡ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ናይቲ መራሒ ንክቕርቡ ከምዝግደዱን ገሊጹ።

እዚ ኣባል ተቓወምቲ ወድባት ኢትዮጵያ፡ ብዛዕባ ኢሰያስ ዘሎዎ ውልቀ ትዕዝብቲ፡ ካብ ተመክሮኡን ካብ ጥቡቕ ዝምድኑኡን ተበጊሱ ክገልጽ እንከሎ፡ “ህላዌ ናይዘን ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ ብናቱ ፍሉይ ሓለፋን ጻዕርን እምበር እቶም ጀነራላትን ምኒስትራትን ከምዘይድግፍዎ፡ እንተኾነ ግን፡ ካብ ሜዳ ኣትሒዞም ኣብ ትሽትሽይ ተወቲፎም ዓዲ ዝኣተውን ተመሳሲሎም ዝሓድሩን ስለዝኾኑ ዘምጽእዎ ለውጢ የለን”፡ (ብብቴ ውስጥ ተወሽቀው ከበርሃ የገቡ ኣድርባዮች) እናበለ ብጣዕሚ የስተናዕቕም ይብል።

“ንባዕዳዊ ሓይሊ ኣብ ጉዳይ ሃገር ምስላፍ፡ ኢሳያስ ሎሚ ዘበገሶ ሓድሽ ሜላ ኣይኮነን። ኣብ ጊዜ ብረታዊ ቃልሲ ‘ውን ንወያነ ትግራይ ኣንጻር ተጋደሎ ሓርነት ኤርትራ ኣሰሊፉ ዘይወጽእ ቅርሕንቲ ገዲፉ እዩ። ሕጂ’ውን እዘን ተቓወምቲ ውድባት ቀንዲ ዕላመ’ኣን ኣንጻር ወያነ ንምዕላም ብዝብል ጉልባብ ኣንጻር ኢሳያስ ንዝልዓል ኤርትራዊ ሓይሊ ንምጭፍላቕን፡ ድጉል ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኣብ ድሕሪ ገዛ ንምኹስኳስን ኣበርቲዑ ይሰርሃሉ ኣሎ” ይብሉ እቶም ምንጭታት።